ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# መግለጺ ኩናኔ

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ኣብ መራኺቢ ብዙሃን ብፍላይ ኣብ ፌይስቡክን ኣብ ቴሌግራማትን ቲዩተራትን ዝኸይድ ዘሎ ፡ብገለ ውልቀ ሰባት ይኹኑ ጉጅለታት ብግበታዊ ስርዓት ዝተወደቡን፡ውልቀ ስሚዒቶም ንምርዋይ ኮነ ፡ንውልቃዊ ረብሓን ጥቕሞምን ንምስላጥ ዝዓለመ፡ንህዝባዊ ሰውራ 31 ጥቅምቲ ኣኽሪያ ዘይመልክዑ ብምትሓዝን ፡ ብምጥምዛዝን ናይ ጀሃዳውን ጡርፉነታውን መልክዓት ምትሓዝ ጥራይ ከይኣክል ፡ ነቲ ብፍላይ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ዓበይቲ ሃይማኖታት እስልምናን ክርስትናን ፡ ንዘበናት ብሰላምን ፍቕርን ምክብባርን ዝነብረሉ ዝነበረ ኣካውና ብምርሳዕ ፡ ንክፋጠጡን ከይተኣማመኑን ዝገበር ፕሮፖጋንዳታትን መናፍሕን ይሰዱ ምህላዎም ፡እዚ ተግባርዚ ውልቃዊ እምበር ንብሙሉእ ህዝብታት እስላምን ክርስቲያንን ኤርትራውያን ከምዘይውክልን ብምእማን ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ይኹን ኣብ ሕሱም እዋን ፡ወላ እውን ጽባሕ ኣብ ዲሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ኤርትራ ከም ትማሊ ብፍቕርን ሕውነት ምክብባርን ማዕርነትን ከምዝነብር ጽኑዕ እምነትናን ከም ሰልፊ ንቃለሰሉ ዘለና ዕላማ እዩ ።ብተወሳኺ ሰልፍና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ነዚ ከምዚ ዓይነት ተግባራት ኩሉ ደላይ ሓቅን ፍትሕን ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ብሓደ ኢድ ንሰውራታት ህዝቢ ክድግፍን ንኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ዘይባህልናን ዘይልማድናን ዝኾኑ ተግባራት ናብ ግሩሃት ህዝብና በሰላ ከይገድፉን ፡ዘይተደልየ ስሚዒታት ከይፈጥሩን መታን ብሓደ ኢድ ኮይና ብኣጋ ክንቃለሶምን ክነጥፎኦምን እንዳ ጸወዕና ፡ ብወገና ድማ ነዚ ህዝብና ክፈላሊ ብተግባር ዝንቀሳቐስ ዘሎ ግበታዊ ስርዓትን ንዑኡ ብፍላጥ ይኩን ብዘይ ፍላጥ ሲዒቦም እዚ ተግባር ዝፍጽሙ ኩሉም ብመትከል ንኹንን ።

ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

08 ህዳር 2017